# ወለንተኛታት ካባይ እንታይ ይጽበዩ ?

ኣብ ጀርመን ዝርከብ ባህላዊ ኣጠቓቕማ ናይ ግዜ ካብ ካልኦት ሕብረተሰባት ፍልይ ዝበለ እዩ። ጥንቑቕ ምዃንን ፡ ቆጸራ ምኽባርን ንብዙሓት ወለንተኛታት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ድሕሪ ናይ ቆጸራ ግዜ ምውሳን ድማ፡ ኣብ መንጎ ገለ ነገር ምስዘጋጥም ወይውን ሓሳብካ ምስእትቕይር ፡ እቲ ወለንተኛ ብእዋኑ ክትሕብሮ ይጽበ።

ሓደ ጉዳይ ንምስላሳል ፡ ሓገዝ ናይ ካልኦት ዘየድልየካ ምስዝኸውን ፡ ወይ ውን፡ ሓደ ውልቃዊ  ፍታሕ ዘድልዮ ፍሉይ ጉዳይ ምስዘጋጥመካ ተዛረብ።  እዚ ኣቕራርባ እዚ ኣብ ጀርመን ዘይስነስርዓታዊ ዘይኮነስ ሓቀኛን መግለጺ ናይ ምትእምማን እዩ። ወለንተኛታት ካባኻ ገንዘብ ይኹን ህያብ ኣይጽበዩን እዮም ። ጥዑም ቃላትን ምስጋናን እንተሃብካዮም ግን ይሕጎሱ። ወለንተኛታት ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ስራሕ የቋርጹ። እዚ ምቁራጽ እዚ ኣብ ልዕለኻ ዝወረደ ፡ ዘይተቐባልነት ኮይኑ ክስመዓካ የብሉን።

## ኣንታይ ዓይነት ማሕበራት ኣለዋ ?

ወለንተኛታት ክሳተፉለን ዝኽእሉ ብዙሓት ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበራት ኣብ ጀርመን ኣለዋ። እተን ዝዓበያ ማሕበራት፡ እተን ,ጥሙር ማሕበር ገበርቲ ሰናይ,, / ፖህልፋህርትስፈርበንደ/ ተባሂለን ዝጽወዓ እየን። ሓንቲ ካብኣተን ናይ ወንጌላዊት ቤተ ክርስትያን ተኸታሊት ዝኾነት ,, ድያኮኒ ,,ትበሃል። ኣብ ኢንተርነት www.diakonie.de/Broschuere_Migration-2015.pdf ጠውቕ ።

እዘን ጥሙር ማሕበር ገብርቲ ሰናይ ዝበሃላ ኣብ መብዛሕተኣን ኣውራጃታት ጀርመን ብቑዓት ዝኾኑ ናይ ዑቕባ ኣማኸርቲ ኣለወን፡፡ ኣብ ገለ ድማ መንበሪ ኣባይቲ ይውንና።  ንሳተን ብዙሓት ወለንተኛታት ዘለወን ኮይነን ፡ ነናእሽቱ ስደተኛታት ናይ ምሕጋዝ ፕሮጀክት የካይዱ። ካብዚ ወጻኢ ድማ በዘን ዓበይቲ ጥሙራት ማሕበራት ዘይካየድ ተበግሶታትን ፕሮጀክትታን ኣሎ። ዝበዝሕ ግዜ ፡ እቲ ተበግሶታት,, እንቋዕ ደሓን መጻእኩም,,  ቪልኮመን ኢኒሸያቲቭ,, ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብዚ ሰባት ብዘይ ጥርኑፍ ኣገባብ ሓገዝ ንምሃብ ይራኸቡ። ካብዚ ወጻኢ ድማ፡ ገለ ውልቀ ሰባት ውን ብናቶም ኣገባብ ሓገዝ ዝህቡ ኣለው።

ብሓልዮት ናይ
Diakonie Deutschland – Evangelischer Bundesverband
Evangelisches Werk für Diakonie und Entwicklung e. V.
Caroline-Michaelis-Straße 1
10115 Berlin

ሓላፍነት
Lorenz Hoffmann
ምውህሃድን ምምሕዳርን ምምዋልን ናይ ወለንታዊ
ሓገዝ ንስደተኛታት
ቤት ጽሕፈት ናይ ሓደስቲ እታውን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን

ብሓልዮት ናይ
Mirjam Appel
ተለፎን +49 30 652 11-1975
ተለፋክስ +49 30 652 11-3975
mirjam.appel@diakonie.de
www.diakonie.de

ርክብን ሓበሬታን

Die Beauftragte der Bundesregierung für Migration, Flüchtlinge und Integration

Wir sind's! Die Einwanderungsgesellschaft gestalten

Diakonie Deutschland

# ወለንታውያን ሰራሕተኛታት ማለት እንታይ ማለት እዩ ?

ታሕሳስ ( ወር.ሒ. 12 )
2016

## ወለንታውያን ሰራሕተኛታት ማለት እንታይ ማለት እዩ ?

ኣብ ጀርመን መንግስቲ ንስደተኛታት ፍሉይ ሓገዛት ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣለዋ። እዚ ማለት ፡ ናይ መዕቆቢ ኣባይቲ ፡ ናይ ናብራ ወጻኢታትን ወይ ገንዘብን ፡ ዘጠቓልል ኮይኑ ን ንምትካል እግሪ የገልግል ፡፡ ካብኡ ሓሊፉውን ፡ መንግስቲ ማሕበራዊ ምኽሪ ብምልጋስ ሓደ ኣብ ሃገረ ጀርመን ዝቐርብ ናይ ዑቕባ ሕቶ ፍታሕ ንምርካብን ፡ ናይ ሕክምና ኣገዳሲ ረዲኤትን ናይ ምሃብን ሓላፍነት ኣለዋ። ናይ ዕቑባ ሕቶ ድሕሪ ምምርማር ድማ ፡ ኣብ ጀርመን ናይ ዑቕባ ጽላል ናይ ምርካብን ዘይምርካብን ውሳኔ ትህብ፡፡

ኣዝዮም ውሑዳት ዝኾኑ ናይ ማሕበራዊ ጉዳያት ኣማኸርቲ ኣብዚ ናይ ስደተኛታት ምኽሪ ተዋፊሮም ይርከቡ። ንኣብነት ኣብ ገለ ናይ መዕቆቢ ስደተኛታት ቦታ፡ ሓደ ናይ ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛ ፡ ን 120 ሰባት የማኽር። ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ክሰርሕ ከኣ ኣይክእልን። በዚ ምኽንያትዚ ፡ ብዙሓት ስደተኛታት ቋንቋ ጀርመን ንክመሃሩ ዕድል ኣይረኽቡን ፡ ወይ እቲ ዕድል ጸቢብ ይኸውን፡ ወይ ውን ነቲ ከባቢኦምን ነቲ ማሕበራዊ ናብራን ብቐሊሉ ንክላለይዎ ኣይክእሉን ። ኣስተርጓሚ ሳሕቲ እዩ ዝኽፈል።

መብዝሕትኡ ግዜ ብዙሓት ሰባት ሓገዝን ምትሕብባርን ዘርእዩ ኣለዉ። እዚኦቶም ወለንተኛታት ኮይንኖም ነቲ ስራሕ ብተወፋይነትን ብዘይ ገለ ክፍሊት የከናውንዎ። ዝኾነ ይኹን ገንዘብ ከይተኸፍሎም ነቲ ስራሕ ኣብ ትርፊ ግዜኦም ይሰርሑ። ገለ ካብኣታቶም ንገዛእ ርእሶም ስደተኛታት እዮም፡፡ ወይ ውን ወለዶም ነዊሕ ዓመታት ኣብ ጀርመን ዝተቐመጡ ክኾኑ ይኽእሉ። ስለምንታይ እዞም ሰባት እዚኦም ንዓኻ ይሕግዙ፡ ዝተፈለለየ መበገሲታት ኣለዎም። ክትፈልጥ ምስእትደሊ ግን፡ ክትውከሶም ትኽእል ።

## ወለንተኛታት ዝበሃሉ ሰባት ፡ እንታይ ይሰርሑ ?

ወለንተኛታት ንሓደ ሰብ ቋንቋ ጀርምን ይምህሩ፡ ወይውን ናብ ሓኪም ከምኡ ድማ ኣብ ናይ መንግስቲ ኣብያተ ቤት ጽሕፈትን ዘሰንይዎ። ደብዳቤትታት ይትርጉሙ ፡ ማመልከቻ ይጽሕፉ ፡ ጠበቓ ኣብ ምርካብን ፡ ናይ ዕቑባ ኣብያተ ጽሕፈት ኣበይ ከምዝርከብ ንምሕባርን ይሕግዙ። ካልእ ሓገዛት ውን ከምእኒ ገዛ ወይ ስራሕ ንምድላይ ፡ ንቆልዑት ዕዮ ገዛ ኣብ ምቅላልን ይዋፈሩ፡ ብተወሳኺ ንስደተኛታት ምስ ደቂ ዓዲ የላልዩን ይጽንብሩን። ብክለባት ዝካየድ ዝተፈላለየ ናይ ባህልን ናይ ስፖርትን ምንቅስቃሳት ውን ኣሎ። ብዙሓት ናይ ወጻኢ መበቆል ዘለዎም ፡ ወለንተኛታት ውን ኣለዉ፡፡ እዚኦቶም ነቲ ዘለዎም ናይ ቋንቋ ምልከት ብምጥቃም ፡ መብዝሕትኡ እዋን ከም ኣስተርጎምቲ የገልግሉ።

ወለንተኛታት ብመሰረቱ ናይ ፡ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሞያ ዘይኮነ፡ ካልእ ነናቶም ፍሉይ ሞያታት ኣለዎም። ንዓዓቶም እውን እንተኾነ፡ እዚ ናይ ወለንተኛነት ስራሕ ይሕድሶም እዩ። ንሓደ መምህር ወይ ንሓደ ጠበቓ ወይውን ንሓደ ሓኪም ተኪኦም ምኽሪ ክልግሱ ኣይክእሉን እዮም። ንዓኻ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ዕለታዊ ናብራ ኣብ ጀርመን ናበይን ኣበይን ከምትኸይድን ነየናይ ክኢላ ከምትረኽብን ይሕብሩኻ። ምሳኻ ሓቢርም ፡ ናብ ኣብያተ ጽሕፈት ናይ መንግስቲ ብምኻድ የሰንዩኻን ፡ ተኣማንነት ተሕድርን፡፡ ኩሉ ናትካ ጉዳያት ፡ በይንኻ ክትሰርሖ ግድን ኣይኮነን ፡ ዋላኳ እቲ ሓላፍነት ናትካ እንተኾነ። ወለንተኛታት ኣብ ጎድንኻ ኣለዉ፡፡ ይኹንእምበር ብስምካ ወይ ንዓኻ ወኪሎም፡ ዝኮነ ይኹን ጉዳያትካ ኣየሳልጡን እዮም። ንኣብነት፡ ናይ ዕቑባ ሕቶኻ ንዝምልከት ቃለ መጠይቕ ኣብ እተካይደሉ እዋን ሓደ ወለንተኛ ንዓኻ ኣሰንዩ፡ ክኸይድ ይኽእል ፡፡ ይኹን እምበር ኣመጻጽኣኻን ፡ ንኽትስደድ ዘገደደካ ምኽንያትን ግን ክዝርዝር ኣይክእልን ። እዚ ናትካ ሓላፍነት እዩ፡፡ ንክኢላታት ክትውከስ ኣለካ። ከምኡ ምስ ትገብር ጥራይ ድማ ትዕወት፡ ብተወሳኺ ዓቢይ ጥንቃቐ ክትህቦ ዝግባእ ጉዳይ ፡ ናይ መንነት ወረቓቕትን ናይ ቤት ጽሕፈታት ደብዳቤን ካብ ኢድካ ኣይትፍለ። ቅዳሕ እንተሓዝካውን ጽቡቕ እዩ። ምሳኻ ንዝዋስኡ ወለንተኛታት ነቲ ቅዳሕ እናሃብካ ፡ ኣብ ኣብያተ ጽሕፈታት ዘድሊን ኣድላዪ ዘበለ ናይ ቴሌፎን ርክባትን ከሳልጡልካ ይኽእሉ።

ወለንተኛታት ብቀሊሉ ክርከብ ዘይክእል ሓበሬታ ውን ይህቡ እዮም። እቲ ሕጋዊ ዕድላት ግን ዝበዝሕ ግዜ ኣዝዩ ጸቢብ ስለዝኾነ ፡ እቲ ሓገዝ ድማ ብኣኡ መልክዕ ይቑንጽብ። ንኣብነት ፡ ስራሕ ወይ ገዛ ኣብ ትደልየሉ እዋን፡ ናይ መንበሪ ፍቓድካ ወይ ናይ ዕቑባ ሕቶኻ ኣብ እተሳልጠሉ እዋንን ብመሰረቱ ድማ ፡ ህልውናኻ ኣብ ጀርመን ነባሪ ድዩ ወይስ ኣይኮነን ፡ ንዝብል ኣርእስትታት መፍትሒ ንምርካብ፡ ኩሉ ግዜ ንክኢላታት ተወከስ።

## እንታይ ዓይነት ጠለባት ክተቕርብ ትኽእል ?

ንወለንተኛታት ከምቶም ካልኦት ፡ ደሞዝ ተኸፊልዎም ዝሰርሑ ሰባት ፡ ስርሖም ከሳልጡ ኣይግደዱን እዮም። እዚ ስለዝኾነ፡ ንኩሎም ሰባት (ስደተኛታት) ከገልግሉ ዝኽእሉ ወለንተኛታት ክትረክብ ውሕስነት ወይ ርግጸኛነት የለን። ይኹን እምበር ፡ ወላኳ ዘይክፈሉ እንተኾኑ፡ ወለንተኛታት ቃሎም ከምዘኽብሩ ሰባት ከምዝኾኑ ፍለጥ።

መብዛሕትኦም ወለንተኛታት ሰብ ሞያን፡ ሰብ ስድራን እዮም። ዘለዎም ትርፊ ግዜ ውሱን እዩ። ክንደይ ዝኸውን ሰዓታት ንዓኻ ግዜ ኣለዎም ፡ ኣቐዲምካ ምሕታት ድማ ጽቡቕ እዩ።

ንስኻ ንወለንተኛታት ብዛዕባኻ ይኹን ብዛዕባ ካልኦት ስደተኛታት ዝነገርካዮም ፡ ንካልኦት ኣካላት ምንጋር የብሎምን፡፡ ይኹን እምበር እዚ ጸገም እዚ ብዙሕ ግዜ እዚ የጋጥም እዩ። ኣብቶም ብቁዓት ኣማኸርትን ጠበቓታትን ዝበሃሉ ጥራሕ ፡ እቲ ንስኻ ዝተዛረብካዮ ቃላት ይዕቀብ፡ ምኽንያቱ ምዕቃብ ምስጢር ሓደ ካብቲ ክፋል ናይ ስርሖም ስለዝኾነ።

ሓደ ወለንተኛ ዝኾነ ይኹን ስራህ ከሰላስለልካ ምስዝደሊ ከፍልጠካን ከፍቅደካን ይግባእ። ዝኾነ ይኹን ዘይምርድዳእ ምስ ሓደ ወለንተኛ ምስዘጋጥመካ፡ ሓገዝ ካብ ካልኦት ሕተት። ምናልባት እውን እቲ ሽግር ብሓባር ክትፈትሕዎ ትኽእሉ ትኾኑ። እቲ ብወለንተኛ ድሮ ዝተዋህበካ ምኽሪ እኹል ኮይኑ ምስእትረኽቦ ፡ ነቲ ሓገዝ ክተቋርጾን „ ይኣኽለኒ ‥ ክትብልን ትኽእል ኢኻ። ናይ ምቁራጽ ምኽንያትካ ምግላጽ ግን ይምረጽ።